🌿 ሃይማኖት ናይ ብሕቲ ከም ምዃኑ መጠን ዛራ ሰላም ብዛዕባ ሃይማኖት እንተዘይ ተዛረበት ዝሓሸ እዩ?

🌿 ኢርትራ ኣዝብሓ ሃይማኖትን ባህልን ዘለዋ ሃገር ምዃና መጠን ብዛዕባ ሃይማኖት ምዝራብ ተነቓፊን ተሃዋስን ዶ' ኣይከውንን?

🌾 እዘን ክልተ ሕቶታት ዝተኣሳሳራ ስለ ዝኾና ዛራ ሰላም ሚድያ ብሓንሳእ ክምለሻ ዝሓሸ ኮይኑ ስለ ዝረኸበቶ እነሆ፣

🌱 ዛራ ሰላም ሚድያ ንኹሎም ማሕበረ ሰባት ኤርትራ ብሰላምን ብምክብባርን ብሓባርን ብስኒትን ናይ ሃይማኖት እምነቶም ብዘየገድስ ሰላም ዘለዎ ሂወት ክነብሩ ትሰርሕ። ዛራ ሰላም ሚድያ ንሓደ ውሱን ሃይማኖት ኣይትጣበቕን ኣይትሰርሕን እያ። ብመንጽሩ ኣብ እግዚኣብሔር ዝኣምኑ ኩሎም ነንሕድሕዶም ብኣኽብሮትን ትሕትናን ብለዋህነትን ኣገባብ ክቀራረቡን ክላዘቡን እያ ትሰርሕ።

🌱 ዛራ ሰላም ሚድያ ኩሎም ኤርትራውያን ኣብቲ ጽፉፍ መልእኽትን ትእዛዝን እግዚኣብሔር እቲ ኣገባብ ኣወሃህባን ኣሰባብኻን ናይቲ መልእኽቲ ብዘየገድስ ክኽተሉን ክሰርሑን ከተግብሩን ትጽውዕ። ብእኡ መሰረት ድማ ኩሎም ኣመንቲ እግዚኣብሔር ኣብነት ናይ ብኣኽብሮትን ሰላምን ትሕትናን ነንሕድሕዶም ክቀራረቡን ክዘራረቡን ነተባብዕ።

🌼 ዛራ ሰላም ሚድያ ኣብ ሓድነት ብዙሕነት ናይ ሃይማኖት እምነትን ናይ ኣገልግሎት ኣገባብን ምንጪ ናይ ምፍልላይን ምፍንጫልን ክኸውን ከምዘይብሉ ትጽዕር። ብኣንጻሩ ብሰላምን ብሓድነትን ሓባራዊን ሓድነታውን ህድኣትን ዘለዎ ሂወት ክነብሩ ሓጋዚ ሓይሊ እዩ ዝኸውን።

🌸 ዛራ ሰላም ሚድያ ሃይማኖታዊ እምነት ከም መሓየልን መጽንዕን ኅደና ነንሕድሕድና ብሕያውነትን ብኣኽብሮትን ትሕትናን ኣብ ኩሉ መዳይ ክንዘራረብን ክንቀራረብን ክኸውን ከምዝኽእል ትኣምን። ምኽንያቱ ኣብ ሕድሕድና ጽን ኢልካ ምስማዕን ምርድዳእን ምምዕባል እቲ መሰረታውን ቀንድን ዕላማ ዛራ ሰላም ሚድያ እዩ። ኤርትራውያን ንሓድሕድና ብህድኣትን ትሕትናን ክብዘራረብን ክንሰምዕን እንተ ተጀሚርና ሰላም ብርግጽ ክከኣል እዩ ኢልና ንኣምን።

🌻 በዚ ኣብ ላሊሊ ዝተጠቐሰ ምኽንያት ዛራ ሰላም ሚድያ ብዛዕባ ሃይማኖት ክትዛረብን መደባት ከተቐርብን ክትተባባዕ ይግባእ። ኣብቲ መዓልታዊ ሃይማኖታዊ ሂወትናን መናብሮናን ሰላም ከም ኣርእሲቲ ክሰበኽን ትምህርቲ ክወሃቦን ነንሕድሕድና ድማ ብሕያውነት እንተ ተቓራሪብናን ተኣላልናን ሰላም ሱር ክሰድድ ይኽእል እዩ። ኣመንቲ ብዛዕባ ሰላም ክግደሱን ክሓስቡን ምስ ዝጅምሩ፣ መራሕቲ ሃይማኖት ድማ ንሰላም ክሰብኩ እንተጀሚሮም ዕዙዝ ኣዎንታዊ ጽልዋ ክህልዎ ከም ዝኽእል ንኣምን።

🍀 ዛራ ሰላም ሚድያ ኣባላት ኣብያተ ቤት ክርስቲያናት ኣብቲ ቤተ ክርስቲያናቶም ዝምህርኦ ትምህርትን ዝህበኦ ኣገልግሎትን ዝኽተለኦ እምነተ ሚስጥር ማለት ዶግማ ኣፈጻጽማ ስነ ስርዓትን ኣገልግሎትን ኣትሪሮም ብጽንዓት ከም ዝኣምኑ ኣጸቢቓ ትርድኦ እያ። እዚ ጽኑዕ እምነቶም ኣብ ቦትኡ ህልዊ ኮይኑ ክንሰኡ ነንሕድሕዶም ብሕያውነት ክቀራረቡን ክዋሰኡን ንኹሉ ሰብ ከመይ ጌርካ ብኣኽብሮትን ሰላም ብዘማዕብልን ዘዕዝዝን ኣገባብ ክትቀርቦ ከምዘሎካ ኣብነት ክኾኑ ከምዘለዎም ክዝክሩን ክስተውዕሉን ይግብኦም።

🌲 ኣብ መደምደምታ ናይ ዛራ ሰላም ሜድያ ብዛዕባ ሃይማኖት ምዝራብ ንስኒትን ኣኽብሮትን ሕያውነትን ሓላፍኖታውን ሓልዮታውን ንሰላም ምድንፋዕን ብሰንኪ ሃይማኖት ዝፍጠር ፍልልያትን ንምጽባብን ወይ እውን ንምውጋድን ይሕግዝ።

🕯️ ብድሕሪ'ዚ ናብታ ካልኣይቲ ክፋል ናይዛ ሕቶ ማለት ኢርትራ ኣብዝሓ ሃይማኖትን ባህልን ዘለዋ ሃገር ምኳና መጠን ብዛዕባ ሃይማኖት ምዝራብ ተነቃፊ ወይ ተሃዋሲ ክኸውን'ዩ ዝብል ሕቶ፡ ዛራ ሰላም ሜድያ ብዛዕባ ውሽጢ ሓደ ሃይማኖት ዘሎ ምስጢረ እምነት ወይ ዶግማ ይኹን ስነስርዓት ኣገልግሎትን ኣይትዛረብን ኣይትዋሳእን እያ። ብዝኾነ መልክዕ ይኹን መንገዲ ንሓንቲ ሃይማኖት ብመንጽር ካልእ ሃይማኖት ኢድ ኣይነእቱን ወይ ኣይንዛረብን ኢና። ንዝኾነ ሃይማኖትን እምነትን ወይ ውልቀ ሰብ ኣማኒ ብዝምልከት ዝጉህን ወይ ዘሰክፍ ግደ ክሳዕ ዘይተጻወተት ዛራ ሰላም ሜድያ ብዛዕባ ሃይማኖት ኣብ ሰላም ክጻወቶ ዘለዎ ግደ ምዝራብ ናተይ ኢላ ክትሕዞ ይግባእ።

🌳 መሰረቲ ዛራ ሰላም ሜድያ ሕቡናት ኣመንቲ ናይ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ እምነት እዮም። ኣብ ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ ክርስቲያን ዘለዎም ጽኑዕ እምነትን ዘለዎም ግድ ግሉጽን ንጹርን ክገብሩዎ ዝበለጸ እዩ። እዚ ማለት ግን ነቲ ናይ ተዋህዶ እምነት ይኹን እገልግሎታትን ስነ ስርዓትን ክንስብኽ ኢና ማለት ኣይኮነን። እቲ ግሉጽ ዝኾነ ዓሚቕ እምነትና ብዛራ ሰላም ሜድያ ኣቢልና ሰላም ንምምዕባል ንጥቀመሉ። ዝኾነ እንሰርሖ ስራሕ ድማ ካብ ንጹህ ልብን ሕልናን ንሞራላዊ ተልእኾን ምስ ዝኸውንን ብእግዚኣብሔር እንተ ተባረኸን ምኳኑ ንኣምን። ስለዚ ኣብ መዓልታዊ ናይ ዛራ ሰላም ሜድያ ስራሕና ናብ እግዚኣብሔር ክመርሓናን ሓይሊ ክህበናን ከዐውተናን ንጽሊ።